SHORELINE
PUBLIC SCHOOLS

# ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ

ሕጊ ስድራ-ቤታዊ መሰላት ትምህርትን ብሕትውናን (FERPA)፡ ኣብ ገለ ጉዳያት ገዲፍካ፡ ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ሾርላይን፡ እቲ ንውላድኩም ዝምልከት ምዝጉብ ሓበሬታ ናብ ካልእ ኣካል ቅድሚ ምስግጋሩ፡ ካባኹም ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ክረክብ ከምዘለዎ ዘነጽር እዩ። ይኹን እምበር፡ **ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ሾርላይን፡ ብወገንኩም ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም መሊእኩም ዘቕረብኩሞ ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ክሳብ ዘየለ፡ ካባኹም ናይ ጽሑፍ ፍቓድ ከይተጸበየ፡ ኣየሰክፍን እዩ ንዝበሎ "ዝተሰነደ ሓበሬታ" ኣብ ጠቕሚ ከውዕሎ ተኽእሎ ኣሎ**. እዚ ቅጥዒ እዚ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት-ጽሕፈት ናይ ቤት-ትምህርቲ ይርከብ እዩ።

ዝተሰነደ ሓበሬታ ክንብል እንከለና፡ ነዞም ዝስዕቡ ንተማሃራይ ዝገልጹ ነገራት ዘጠቓለለ እዩ፡- ስም፡ ደረቕ ስእሊ፡ ናይ ቪድዮ ስእሊ፡ ኣድራሻ፡ ቍጽሪ ተሌፎን፡ ናይ ኢ-መይል ኣድራሻ፡ ዕለትን ቦታን ልደት፡ ዝተመዝገበሉ ዕለት፡ ተሳትፎ ኣብ ወግዓውታን ንጥፈታትን ስፖርትን፡ ክብደት ኣካላትን ቍመትን ናይ ኣባላት ጋንታታት ጉያ ኣግሪ፡ ዝተዋህቡ ዲፕሎማታትን ሽልማታትን፡ ከምኡ'ውን ናይ ቅድሚ ሕጂ ቤት-ትምህርቲ።

ዝርዝር ናይ'ቶም ናይ FERPA (ኣብ ኩላተን ኣብያተ-ትምህርቲ ዝርከብ) ቅጥዒ መሐሰሚ ብምቕራብ ምዝጉብ ሓበሬታ ብምስጢር ከምዝተሓዝ ክትገብሩሎም እትኽእሉ ጉዳያት ይስዕብ፡-

## <u>ንሕትመታት ቤት-ትምህርቲ፡ ኣሳእልን ዜናዊ ስራሓትን ዝገልግል እተሰነደ ሓበሬታ</u>

ህዝባዊ ቤት-ትምህርቲ ሾርላይን ብተማሃሮኡ፡ ሰራሕተኛታቱን ብዝተሰላሰሉ ብዙሓት ዕዉታት መደባቱን ሕቡን እዩ። ካብ ግዜ ናብ ግዜ፡ እተለለዩ ተማሃሮ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ክሰኣሉ ወይ ብቪድዮ ክቕረጹ ይኽእሉ እዮም፡- **ዓመታዊ መጻሕፍቲ ቤት-ትምህርቲ፡ መጽሔት ቤት-ትምህርቲ፡ ምድላው ቪድዮታት፡ መሰናድኦታት ገጻት መርበብ ሓበሬታ፡ ማሕበራዊ ሚድያ ወይ ሽፈነ ከባብያውያን መራኽቢ-ብዙሓን**። ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## <u>ንናይ PTA/PTSA ውዳቤታት ቤት-ትምህርቲ ዝገልግል እተሰነደ ሓበሬታ</u>

ውዳቤ ቤት-ትምህርቲ-ወለዲ-መማህራን-ተማሃሮS፡ ኣብ ገሊኡ፡ ብምኽንያት ምስ ኣባልነት፡ ኣኼባታት፡ ኣጋጣሚታትን ንጥፈታትን ዝተኣሳሰሩ ዘካይዶም ዕዮታት ስነዳን ርክብን፡ ስኑድ ሓበሬታ ናይ ተማሃሮ ኪወሃቦ ይሓትት እዩ። ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## <u>ንትምህርታውያን ትካላትን ውዳቤታትን ዝገልግል እተሰነደ ሓበሬታ</u>

ኮሌጃት፡ ኣብያተ-ትምህርቲ ስነ-ኪነት/ንግድ፡ መደባት ማህደረ-ትምህርቲ፡ ከምኡ'ውን ካልኦት ትምህርታውያን ትካላት፡ እንሓንሳብ፡ ብዛዕባ መደባተን፡ ድዩስ ዝህባኦም ዕድላትወይ ኣገልግሎታት ንኽላልያ፡ ስኑድ ሓበሬታ ናይ ተማሃሮ ኪወሃበን ይሓታ እየን። ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## <u>ንሓይልታት ምክልኻል ኣመሪካ (ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጥራይ) ዝገልግል እተሰነደ ሓበሬታ</u>

ፈደራላዊ ሕጊ፡ ወለዲ/ኣለይቲ ፍቓደኛታት ክሳብ ዘኹኑ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ዘበላ ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ንኣድራሻ ገዛ ናይ ተማሃሮአን ናብ'ቶም ኣቌጻጽራ ውትህድርናዊ ስራሕ ዝምልከቶም ኣካላት ከረክባ ዝጠልብ እዩ። ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

## <u>ኣብ ላዕለዎት ንጥፈታት ንዝተሓጋገዙ ውዕል ዘለዎም ኣቕረብቲ ትካላት ዝገልግል እተሰነደ ሓበሬታ (ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ጥራይ)</u>

ንካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ነዞም ዝስዕቡን ካልኦትን ነገራት ዘቕርቡለም - ውዕል ዘለዎም ትካላት፡ ዝተሰነደ ሓበሬታ ኪወሃቦም ተኽእሎ ኣሎ፡- ቈብዕ፡ በጃ-ክዳን ወይ ጋውን፡ ቀለቤታት፡ ኣሳእልን ጠዓሞትን ሓለፍቲ ወዘተ ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

**ዝተሰነዱ - ንኹሉ ዕላማ ዘገልግሉ ኣድራሻታት**

ተሰኒዱ ዘሎ ኣድራሻኹም  (ኣድራሻ ቦታ፡ ተሌፎንን ናይ ኢ-መይል ኣድራሻን) ብምስጢር ክተሓዝ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ዝሕተሙ ነገራት ከይወጽእን ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከይወሃብን ክትሓቱ እውን ትኽእሉ ኢኹም። ናይ FERPA ቅጥዒ መሐሰሚ ጠሊብኩምን መሊእኩምን ናብ ቤት-ትምህርቲ ውላድኩም ብምቕራብ፡ እዚ ከም’ዚ ዝኣመሰለ ስኑድ ሓበሬታ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያት ንኻልእ ኣካል ከምዘይወሃብ ክትገብሩ ትኽእሉ ኢኹም።